ዓለም-ለኻዊ ውዕል ስደተኛታትን መሰል ዕቕባን

ኣብ ዓለም-ለኻዊ ውዕል ስደተኛታት፡ ከም ስደተኛ ዕቕባ ክረክብ ዝግበኣ መን ምኻኑ ተጠቒሱ ኣሎ። እዚ ድማ፡ ኣብ ሕጊ ናይ ሃገረ ኔዘርላንድ ኣትዩ ኣሎ። ኢ ኤን ኢ.ዴ (IND)፡ ሓደ ሰብ ብመሰረት ዓለም-ለኻዊ ውዕል ስደተኛታት ናይ ዕቕባ መሰል ኣለዎ ድዩ የብሉን ኣብ'ዚ ሕጊ ተሞርኪሱ ይውስን። ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ዕቕባ ንምርካብ፡ ብዛዕባ እዞም ስዒቡም ተጠቒሶም ዘለዉ ሓሙሽተ ነጥብታት፡ ብዝተኻእለ መጠን ሙሉእን ደቂቕን ሓበሬታ ክትህብ ኣገዳሲ እዩ፡-

1. ኣብ ሃገርካ ከምትሳደድ (ወይ ከምትጭኮን) ዝገበረካ ምኽንያት ብጭቡጥ እንታይ እዩ?
2. እንታይ ስለዝኾንካ እዮም ጨቋኖምኻ ወይ ክጭቁኑኻ ተኽእሎ ዘሎ?
3. መን እዩ እቲ ዝጭኩን?
4. ንክትምለስ ዘፍርሓካ ነገር እንታይ እዩ?
5. እንታይ ምርኩስ ብምግባር እዮም ዝጭኩንኻ?

ብዘይካ እዞም ቀንዲ ሕቶታት፡ ንናይ ዕቕባ ታሪኽካ መጽናዕቲ ኣብ ነካይደሉ እዋን፡ ኣቓልቦ ንንብረሎም ካልኦት ኣገደስቲ ተወሰኽቲ ነጥብታት'ውን ኣለዉ።

ምግባር ቆጸራ

ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት (ፌ ቬ ኤን) ምሳኻ ኮይኑ ነቲ ናይ ዕቕባ ታሪኽካ ከጽንዖን ኣብ ምስራዕ ናይቲ ታሪኽ ክሕግዘካን ድሌት ኣለካ? ሰራሕተኛታት ፌ ቬ ኤን፡ ከተሓባበሩኻ ድሌት ኣለዎም።

ዝያዳ ሓበሬታ ደሊኻ? ኣብቲ ብዘይ ቆጸራ ክትዘራረቡሉ ትኽእል ግዜ ናብ ሓደ ካብ ኣብይተ-ጽሕፈት ናይ ፌ ቬ ኤን ምጻእ። ኣብኡ ድማ፡ ንናይ ዕቕባ ታሪኽካ መጽናዕቲ ንምክያድ ቆጸራ ክትሕዝ ትኽእል። ፌ ቬ ኤን፡ ኣብ ኩለን መዓስኪራትን መብዝሕትኣን ገጠራትን ከተማታትን ሃገረ ኔዘርላንድ ኣብያተ-ጽሕፈት ኣለዎ። ኣብ ከባቢኻ ቤት ጽሕፈት ኣሎ እንተኾይኑ ኣብ'ዚ ናይ መርበብ ገጽ ተወከስ፡- **www.forrefugees.nl**

VluchtelingenWerk Nederland

VluchtelingenWerk Nederland
Postbus 2894
1000 CW Amsterdam
info@vluchtelingenwerk.nl
www.vluchtelingenwerk.nl
www.vluchtelingenwerk.nl/vip2

Algemeen Nut Beogende Instelling ANBI
NATIONALE POSTCODE LOTERIJ
CBF Erkend GOED DOEL

ኣብ ምስራዕ ናይ ዕቕባ ታሪኽካ ዝልገስ ሓገዝ

ምጽናዕ ናይ ዕቕባ ታሪኽ

VluchtelingenWerk Nederland

ኣብ ኔዘርላንድ ዐቕባ ሓቲትካ። መንግስቲ ድማ ንስኻ መንበሪ ፍቓድ ክትወሃብ ዲኻ ኣይትወሃብ ይውስን። ትካል ኤ ኤን ዴ (ኣገልግሎት ኢሜግሬሽንን ዜግነትን) ብዛዕባ'ዚ ምሳኻ ድሕሪ ምዝርራቦም፡ ውሳኔ ይወስዱ። ኣብ'ቲ ዝግበ ርመስርሕ፡ ጠበቓ ይህልወካ። ብተወሳኺ፡ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት (ፌ ቬ ኤን) ምሳኻ ኮይኑ ነቲ ናይ ዐቕባ ታሪኽካ መጽናዕቲ ብምግባር ይተሓባበረካ። ብኽምዚ ኣገባብ፡ ንሕና ትካል ኢ ኤን ዴ ቅኑዕ ውሳኔ ንምውሳድ ዘኽእሎ ኣገደስቲ ሓበሬታ ከምዝህልዎ ንገብር።

ስለምንታይ እዩ ናይ ዐቕባ ታሪኽ መጽናዕቲ ዘድሊ

ዐቕባ ሓቲትካ ማለት ዐቕባ ክትረክብ ኢኻ ማለት ኣይኮነን። ናይ ዐባ መስርሕ ክታልፍ ኣለካ። እዚ፡ መንግስቲ ኔዘርላንድ ንስኻ ናይ ዐቕባ መሰል ኣለካ ድዩ ዝውስነሉ ናይ ሕጊ መስርሕ እዩ። ምስ ኢ ኤን ዴ ኣብ ተካይዶ ዝርርብ፡ ናይ ዐቕባ ታሪኽካ ትነግር። ድሕሪ እቶም ዝካየዱ ዝርርባት፡ ኢ ኤን ዴ፡ ንስኻ ብመሰረት ሕጊ ሃገረ ኔዘርላንድ፡ ካብ ሃገርካ ዝወጻካሉ ምኽንያት ቅቡል ድዩ ኣይኮነን ንስኻ ኽ ኣብ ኔዘርላንድ መንበሪ ፍቓድ ክወሃበካ ድዩ ኣይወሃበካን ይውስን።

ስለ'ዚ፡ ብዛዕባ ዝተሰደድካሉ ምኽንያት ዝምልከት ኩሉ ሓበሬታ ብሙሉእነትን ብሓቅን ን ኢ ኤን ዴ ክትሕብር ኣገዳሲ እዩ። ፊ ቬ ኤን፡ ንመሰል ሓተቲ ዐቕባን ስደተኛታትን ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ዝሓሊ ዘይሻራዊ ውድብ እዩ።

ፊ ቬ ኤን፡ ኩሉ ሓተታቲ ዐቕባ ቅኑዕን ጥንቁቕን ናይ ዐቕባ መስርሕ መሰል ኣለዎ ኢሉ ይኣምን። በዚ መሰረት ኢና ድማ ንሕና፡ ንናይ ዐቕባ ታሪኽካ መጽናዕቲ ብምካይድ፡ ንዓኻን ንጠበቓኻን ንተሓባበረኩም።

ትሕዝቶ ናይ ዐቕባ ታሪኽ መጽናዕቲ

ፌ ቬ ኤን፡ ብዛዕባ ውልቃዊ ኩነታት ንናይ ዐቕባ ታኽካን ዝምልከት ምሳኻ ዝርርብ የካይድ። ንፋይልካ ብጥንቃቐ ርኢና ምሳኻ ንዘራረበሉ። ምሳኻ ብሓባር ብምኽን፡ ነቶም ኣገደስቲ ነጥብታት ንሰርዖም። ብተወሳኺ፡ ታሪኽካ ንምህብታም እንታይ ከግበር ከምዘለዎ ነጽንዕ። ንኣብነት፡ ከም ናይ ልደት ወረቐት ዝኣመሰሉ ጭብጥታት ኣብ ምምጻእ ክንተሓባበር ንኽእል። ብተወሳኺ፡ ፌ ቬ ኤን፡ ንታሪኽካ ዝዝሕግዙ ሓበሬታት ክሓትት ይኽእል። ንኣብነት ካብ ኣብ ሃገርካ ዝነጥፋ ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቓ ውድባት። ኣብቶም ነካይዶም ዝርርባት፡ ንስኻ ባዕልኻ ክትገብሮም ትኽእል ነገራትን ኣየኖት ምኽኖምን ፌ ቬ ኤን ድማ ብኽመይ ኣገባብ ክሕግዘካ ከምዝኽእልን ንላዘብ። ኣድላዩ ምስ ዝኸውን፡ ኣብቶም ነካይዶም ዝርርባት፡ መታን ሓድሕድና ጽቡቕ ክንረዳዳእ፡ ብቱሌፎን ተርጓሚ ክንጥቀም ንኽእል።

ንሕና ዘይንገብሮም ነገራት ኣየኖት እዮም

ፌ ቬ ኤን፡ ንትካል ኢ ኤን ዴ ኮነ ካልኦት ትካላት ብዘይ ናትካ ፍቓድ ሓበሬታ ኣይህብን እዩ። ናይ ዐቕባ ታሪኽካ ድማ ናይ ባዕልኻ እዩ። ንሕና ነቲ ናትካ ታሪኽ ኣይንቕይሮን ኢና። በተወሳኺ፡ ፌ ቬ ኤን፡ ንስኻ መንበሪ ፍቓድ ናይ ምርብ ዕድል ኣለካ ድዩ የብልካን ክዛረብ ኣይክእልን እዩ።